

# ኣብ ድራማታት ሽለው ኣይንበል

ግንባርቶሮንቶ.ኮም
ማርች 21፡ 2020

ኣብ ቻርሎት፡ ኖርዝ ካሮላይና ዝተራእየ ረጽሚ መምህር ተመስገን ኮንትሮ ኤሪሳት፡ ሕጂ'ውን ናብ ጓል መንገዲ ከይንዝራዕ፡ ምስትብሃል ከምዝድሊ ናይ ስለያን ጸረ-ስለያን ጠቢብ ኣቶ ሃይለ መንገሻ ዑቕበ ንደቀባትና ኣዘኻኺሮም።

ኣሻፈረኝ ዝበሉ ክቡር መምህር ተመስገን ካሕሳይ፡ ኣብ ድሕረ ባይታ ኤሪሳት ክኸይድ ዝጸንሕ ሽፍንፍን፡ ከፈላዊ ንቓልዕ ከምዝመጽእ ጌሮሞ ኢዮም። መምህር፡ ኣብዚ ጉዳይ፡ ካብ ኣብዝሓ ዓቢ ኣድናቖት ከምዘትረፉ፡ ምስኩር ነገር'ዩ። ኮይኑ ግን እቲ ሽፍንፍን ምሉእ ብምሉእ ኣይተቓልዐን ዘሎ።

ፋሽስታዊ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ውሽጢ ደለይቲ ፍትሒ ሸኻኺልዎም ዘሎ ቃርማታት ከይኣክል፡ ብስም "ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ" ንደለይቲ ፍትሒ ናብ ዓንኬላት ናቱ ጽልዋታት ናይ ምእታው መደባትን ንኣብረሃም ኢሳያስ ኣፈወርቂ መንገዲታት ንምጥጣሕን፡ ተሊምዎም ዘሎ ስቱራት እኩያት ውጥናት ደቀባትና ነቒሖም ክምክትዎ ከምዘለዎም፡ ኣቶ ሃይለ ሓቢሮም።

**<u>1ይ፡ ፊልሞንን ሳባን መን'ዮም?</u>**

**መም/ ተመስገን ዝጠቐስዎም ክልተ የሕዋት <u>ፊልሞንን ሳባን</u> ካበይ መጺኦም? ብኸመይ መንገዲ ንኤሪሳት ክቆጻጸርዋ ክኢሎም? እዞም ሕቶታት ንባዕሎም ናይ ጠርጠራታት ቀይሕ ባንዴራ ፊልፊል ዘብሉ ኢዮም።**

**<u>2ይ፡ ኣመሰራርታን ኣከያይዳን ኤሪሳት።</u>**

**ኤሪሳት፡ ኣብ ማስተር ፕላን ኣምቼ፡ ሕጅ'ውን ኣብ ትሕቲ ኣምቼ ምህላዋ፡ ፈራታት ኢሳያስ ድሮ ንኣየራትና ኣመና ዓብሊኾሞ ከምዘለዉ፡ ኣቶ ሃይለ ንደቀባት ኣገዳሲ ኢንተል መጢዎም።**

**ቻርሎት፡ ንደለይቲ ፍትሒ፡ ኣብ ጉዳይ ኤሪሳት ክንዮ "ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ" ስካን ምግባር ከምዘድሊ ኣሚታ ኢያ። ሃገር ከይሓዝካ ኣብ መንነት'ዶ ዜግነት'ዶ ዝብሉ ድራማታት ሸለው ምባል፡ ፋይዳ-ቢስ ምዃኑ ክንግንዘብ ይግባኣና።**

---

**TEMESGEN KAHSAY IN COLLISION COURSE WITH ERISAT.**
**CHARLOTTE, INFRARED CAMERAS ON FILMON & SABA, AMICHES.**

**Please submit inputs, comments or questions.**

Haile Menegesha Okbe
Toronto, Canda

Cellphone: 416-858 9305
FB: Haile Menegesha Okbe
Email: haileokbe@yahoo.com
WhatsApp: Haile Menegesha Okbe